# ሓድሽ ስራሕ ኣብ ምርካብ ንሕግዘካ

ብሰንኪ ሕጽረት ስራሕ ወይ ውን ሕማም ስራሕ ደው ክትብል ዝተገደድካ ወይ ውን ዝነበረካ ብግዜ ዝተገደበ ውዕል ስራሕ ምስተወድአ ካብ ስራሕ ደው ዝበልካ ምስእትኸውን፡ ሓድሽ ስራሕ ክትረክብ፡ ትካል ክትምስርት ወይ ውን ትምህርቲ ክትጅምር ዘኽእለካ ሓገዝ ካብ ትሪግሄትስፎንደን (TSL) ክትረክብ ትኽእል። እቲ ሓገዝ ኣካል ናይቲ ኣብቲ እትሰርሓሉ ቦታ ተበጺሑ ዝርከብ ሓባራዊ-ውዕል (kollektivavtal) ኮይኑ፡ ብነጻ ዝወሃብ ውን እዩ።

## እቲ ሓገዝ ነዚ ዝስዕብ ዘካተተ እዩ

ኩነታትካ መሰረት ብምግባር ብቐጻሊ ዝሕግዘካ፡ ውልቃዊ ኣማኻሪ ጉዳያት ስራሕ ከምዝምደበልካ ንገብር። እቲ ኣማኻሪ ጉዳያት ስራሕ መርበባት ርኽክብ ክትፈጥር፡ ስርሓት ከተመልክት፡ ሰነድ መድለዪ-ስራሕ ክትጽሕፍ ከምኡ ውን ናይ ስራሕ ዝርርብ ቅድሚ ምግባርካ መዳለዊ ልምምድ ከተካይድ ይሕግዘካ። ብዜካ`ዚ ምስ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ መድሕን ከምኡ ውን ቤት-ጽሕፈት ኣማጻእቲ ስራሕ ዝኣመሰሉ መንግስታዊ ኣብያተ-ጽሕፈታት ንኽትራኸብ ውን ሓገዝ ከምእትረክብ ይግበር።

ብሰንኪ ሕማም ፍልይ ዝበለ ሓገዝ ምስዘድልየካ ውን፡ ዓቕሚ-ስራሕ ኣካላትካ መሰረት ብምግባር፡ ስራሕ ንኽትረክብ ዘኽእለካ፡ ምስ ኩነታት ጥዕናኻ ዝመጣጠን ዝያዳ ድጋፍ ክግበረልካ ውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ዝህልወካ ስራሕ ናይ ምርካብ ተኽእሎታት ዘዕቢ ቀልጢፉ ስራሕ ክትረክብ ዘኽእለካ ዓይነት ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕድላት ውን ኣለካ። ብዜካ`ዚ ንዘለካ ሞያዊ ዓቕሚታት ውን ከተርጥበሉ እትኽእል ዕድላት ኣለካ። ኣርጥቦት ክበሃል እንከሎ ኸኣ፡ ኣቐዲምካ ንእትመልኮ ነገራት መረጋገጺ ከምዝወሃበካ ይግበር።

ብዕድሜ 40 ዝመላእካ ምስእትኸውን፡ ድጋፍ-ምስንባት ካብ ስራሕ (avgångsbidrag (AGB) ዝተሰምየ ገንዘባዊ ሓገዝ ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

ንንውሕ ዝበለ ግዜ ዝኸይድ ትምህርቲ፡ ንኣብነት ሓድሽ ሞያ ክትመሃር ምስእትውስን ከኣ፡ ተኻፋሊ ናይቲ ብትሪግሄትስፎንደን (TSL) ዝወሃብ ድጋፍ ሞያን ትምህርትን ክትከውን ትኽእል። ብዜካ`ዚ ዝዓበየ ክፋል ናይ ዝነበረካ ኣታዊ ዓቐብካ ትምህርቲ ክትመሃር ዘኽእለካ ዝተፈላለየ ክወሃበካ ዝኽእል ሓገዛት ውን ኣሎ።

## እቲ መስርሕ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፡

ብሰንኪ ሕጽረት ስራሕ ካብ ስራሕካ ደው ክትብል ምስእትግደድ፡ ኣስራሒኻ ምስ ተወካሊ ኒቓበዊ ማሕበር ብሓባር ኮይኖም እዮም ነዚ ሓገዝ ንኽትረክብ ዘመልክቱልካ። ብሰንኪ ሕማም ወይ ውን ዝነበረካ ውዕል ስራሕ ምስተወድአ ካብ ስራሕ ደው ዝበልካ ምስእትኸውን ግን ነዚ ሓገዝ ንምርካብ ባዕልኻ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ኣብ መርበብ-ሓበሬታ TSL.se ብምእታው ኢኻ ከተመልክት ዘለካ።

1. ትሪግሄትስፎንደን (TSL) ይውከሰካ`ሚ፡ ብዛዕባ ኩነታትካን እቲ ዝግበኣካ ሓገዛትን ኣመልኪቱ የዘራርበካ።
2. ቀጻሊ ሓገዝ ንኽግበረልካ ፍቓደኛ ምስእትኸውን፡ ኣብቲ መስርሕ ዝሕግዘካ ውልቃዊ ኣማኻሪ ጉዳያት ስራሕ ይምደበልካ።
3. እቲ ውልቃዊ ኣማኻሪ ጉዳያት ስራሕ፡ ሓድሽ ስራሕ ክትረክብል ናትካ ትካል ክትምስርት ወይ ውን ትምህርቲ ክትጅምር ይሕግዘካ።
4. ኣድላዪ ኮይኑ ምስዝርከብ፡ ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕድል ውን ኣለካ።
5. ብዕድሜ 40 ዝመላእካ ምስእትኸውን፡ ድጋፍ-ምስንባት ካብ ስራሕ (avgångsbidrag) ካብ ትካል ድሕንነት ኣፋ (Afa Försäkring) ከተመልክት ሓገዝ ክግበረልካ ይኽእል።

## ድጋፍ ንምርካብ ክማላእ ዘለዎ መሰረታዊ ቅጥዒታት

- ኣብ ሓንቲ ሓባራዊ-ውዕል ዘለዋ፡ ኣካል ኮንፌደረሽን ዋኒናት ሽወደን ከምኡ ውን ኮንፌደረሽን ማሕበራት ሞያተኛታት ሽወደን እትውቲ ዝኾነት ትካል ተቖጺርካ እትሰርሕ ክትከውን ኣለካ።
- ኣብ ዝሓለፋ 24 ኣዋርሕ፡ እንተወሓደ 12 ኣዋርሕ ዝሰራሕካ ክትከውን ኣለካ።
- ብዕድሜ ትሕቲ 65 ዓመት ክትከውን ኣለካ።

ገለ ክፋላት ናይቲ ሓገዝ ካልእ ቅድመ-ኩነት እተማልእ ዝሓትት ክኸውን ይክእል እዩ።

Trygghetsfonden tsl

## ንተወሳኺ ሓበሬታ ወይ ውልቃዊ ሓገዝ ንምርካብ

ነዚ ሓገዝ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ TSL.se ኣለኩም። ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ገጽ ናይቲ መርበብ-ሓበሬታ፡ ቋንቋ ክትቅይር ዘኽእለካ ዝጥወቕ መቆጻጸሪ ኣለካ።

ውልቃዊ ሓገዝ ንምርካብ ተወከሱና

- ብስልኪ ከተዘራርቡና ምስእትደልዩ: 010-480 91 20
- ብኢ-መይል ክትጽሕፉልና ምስእትደልዩ : info@tsl.se